መዋዕለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ቁጽራት: ኣብ ገዛ ምምሃር

## ናብ ደገ ንምውጻእ ክትዳሎን ካብ ገዛ ክትወጽእ እንከሎ ነቲ ዝግበር ውጥን ሓሳባት ቁጽሪ ምሃብ

ኣብ ማኪና ውሽጢ

ኣብ ማኪና ውሽጢ ውላድኻ ከይሰልችዎ ብሓባር ክትጻወቶ ትኽእል ብዙሕ ጸወታታት ኣለው:

- ምስ ውላድኻ ኾይንካ ንማካይን ምቁጻር። ነንሕዲሕዲኡ ማካይን ሕብረ ቐለማት ብምቁጻር ነቲ ጸወታ ቁሩብ ብርቱዕ ግበሮ።
- ካብ ገዛ ክትወጽእ ወይኻዓ ንምውጻእ ክትዳለው እንከሎ ንሓደ ነገር ብምርኣይ ቁጽሪታት ኣመሌክት፤ ንኣብነት፡ ኣብ ምልክት ዘሎ፣ ናይ ማኪና ታርጋን ኣብ ቕድሚት በሪ ዘሎ።

ኣብ ጐረባብቲ

ምስ ውላድኻ ኾይንካ ብናይ ጐረባብቲ ከባቢ ብ እግሪ ክትኸይድ እንከሎ:

- ኣብ ጎዮናኻ ዘሎ ገዛውቲ ምቁጻር
- ብዛዕባ ቅርጺታት ተዘራረብ፡ ንኣብነት: ቕድሚያ ምሃብ ዝብል ምልክት ሰለስተ ኵርናዕ ዘለዎ እዩ
- ኣብ ፊደላት ሳጹን ዘለው ቁጽሪታት ኣንቢብካ ምዝራብ።

ኣቕሑት ምዕዳግ

ኣቕሑት ክትዕግድ እንከሎ ውላድካ ብሓባር ክነብር ምግባር:

- ኣብ ዓረብያ፣ ዘንቢልን ከረጺት ንዘለው ኣቕሑት ምቁጻር
- ኣብቲ ሹቕ ንዘሎ ቁጽሪታት ዮሉኻ ምፍላይን ምቁጻር፣ ንኣብነት፡ ንዝተሰጠፈ ዋጋን ንመዕደጊያ መተሓላለፊ
- ኣቕሑት ካብ ዓረቢያ ክተውርድ እንከሎከቢድ ከምኡ'ውን ፈኵስ ንዝኾኑ ኣቕሑት ምፍላይን ብሓባር ምግባር።

በብማዓልቱ ብዛዕባ ትሰርሖም ነገራት ንውላድኻ ሕተት፤ ስለዚይ ኣብ ቐዳማይ ዕድሚኦም ብዛዕባ ሕሳብ ቁጽሪ ንከስተንትንን ክዛረብ ክጅምርን።

ሕቶታት ሕተቶም ከም: ኣብቲ ክንደይ ኣለው? እዚ ኣየኑ መንገዲ እዩ? ኣብቲ ቦታ ይኣኽሎ'ዶ? ንኹልና ዝኣኽል ኣለዎ'ዶ?
ከምኡ'ውን ክንደየና ገዚፍ እዩ?



Department of
**Education**

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ
ኣብ ገዛ ምምሃር ሓቓዊ ጽሑፍ ወረቐቲ
ኣብ ዌብሳይቲ education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015
CC BY